


# ደቅኻ ክዕወቱ እንተደሊኻ፡ ቋንቋ ገዛኻ ተጠቐም!

ትግርኛ ትርጉም ብዩሱፍ ገብረሚካኤል፡ ፎርቱና ተኽላይን ብፊልሞን ወልደሳሙኤልን።



ምስ ስድራቤታት ናይ ጸወታ ጉጅለታት ምውዳብ
ሓደ ዓይነት ቋንቋ ትግርኛ እዮም ዝካፈሉ።

ትምህርቲ ቋንቋ ውርሻ ምግባር
ሓደ ስድራቤታዊ ጉዳይ፤

.... ህጻናት ኣብ ክፍሊ ይሳተፉ
.... ወለዲ ናብ ጉጅለ ወለዲ ይጽንበሩ።

ቋንቋ ትግርኛ ኣገዳሲ ምኳኑ ተሳትፎኻ
ነቶም ቆልዑ ከርእዮም እዩ።

ኣብ ገዛኻ ቋንቋ ስድራቤት ምዝራብ ንደቅኻ ኣገዳሲ እዩ!

ቋንቋ ትግርኛ ምፍላጥን ምጥቃምን ንህጻናት ከማዕብል’ዩ።



- ብመንነቶም ናይ ሓበን ስምዒት
- ሱሮምን ውርሻኦምን ምርዳእ ።

ቋንቋ ትግርኛ ምፍላጥን ምጥቃምን ምስ ወለዲ፡ ኣያታትን ኣዝማድን ዝግበር ርክብ ከማሓይሽ እዩ።



MyLanguage.ca
Hold on to your home language

ቋንቋ ትግርኛ  ዝፈልጡን ዝጥቀሙን ህጻናት፤

- ሃይማኖታዊ ልምድታትን ተማሃር።
- ተወሳኺ ኣረኣእያ ዓለም ክህልዎም እዩ።
- ሰፊሕ ምርጫ ናይ ዩኒቨርሲቲ ተቐባልነት ኣለዎም።
- ኣብ ዕዳጋ ስራሕ ዝዓበየ ምርጫ ኣለዎም።

MyLanguage.ca
Hold on to your home language



ክልቲኦም ቋንቋታት ሳሕቲ እዮም
ሚዛናዊ ዝኾኑ፤

.... ውላድካ እንግሊዝኛ ክመሃር ከሎ፡ .
ንእንግሊዝኛ ዝያዳ ምቅላዕ ስለ
ዝህልዎም ዝያዳ እንግሊዝኛ ክጥቀሙ
ይኽእሉ እዮም።



ምስ ደቅኹም ኣዘውቲርኩም
ብቋንቋ ገዛኹም ደርፍታት ዘምሩን
መጽሓፍቲ ኣንብቡን።



ወለዲ፡ ደቅኹም ቋንቋ ስድራ ቤት ኣብ ገዛ ኺጥቀሙሉ ኣተባብዕዎም።

ኣብ ዝረኸብካዮ ኣጋጣሚ ምስ ደቅኻ ተዘራረብ።

ክልተ ቋንቋታት ምዝራብ ንደቅኻ ኣየደናግሮምን እዩ።

ቋንቋታት ምሕዋስ፤

- ንኽልተ ቋንቋታት ዝዛረቡ ንቡር እዩ።
- ክልተ ቋንቋታት ከም እትዛረብ ዘርኢ ምልክት እዩ።
- ምልክት ምድንጋር ቋንቋ ኣይኮነን።

MyLanguage.ca
Hold on to your home language

ኣብ ገዛኻ ቋንቋ ስድራቤት ምዝራብ ደቅኻ እንግሊዝኛ ንኽመሃሩ ይሕግዞም እዩ።



ኣብ ገዛኻ ቋንቋ ስድራ ምዝራብ ጣልቃ ኣይኣቱን እዩ። ናይ ውላድኩም ትምህርቲ እንግሊዝኛ

ምምሃር እንግሊዝኛ

- ሓድሽ ቋንቋ ምውሳኽ ማለት እዩ።
- ቋንቋ ገዛ ኺጠፍእ እዩ ማለት ኣይኮነን።
- ውላድካ ንብዙሕ ድሮ ዝፈልጦን ዝርድኦን ነገራት ሓድሽ ቃላት ይመሃር ማለት እዩ።


ክልቲኦም ቋንቋታት ብሓባር ይሰርሑ።



ውላድካ ብዛዕባ ቋንቋ ትግርኛ  ዘለዎ ፍልጠት፡ እንግሊዝኛ ንኽመሃር ክሕግዞ እዩ።

ብሓደ ቋንቋ ዝተማህረ ብቐሊሉ ናብቲ ካልእ ቋንቋ ይሰጋገር።

MyLanguage.ca
Hold on to your home language



ኣብ ገዛኻ ቋንቋ ስድራቤት ምዝራብ፡ ደቅኻ ኣብ ቤት ትምህርቲ ጽቡቕ ንኽገብሩ ይሕግዞም

ቋንቋ ትግርኛ  ዝፈልጡን ዝጥቀሙን ህጻናት

- ኣብ ናይ ቤት ትምህርቲ ፈተናታት ጽቡቕ ውጽኢት ይረኽቡ

- ድልዱል ናይ ምንባብን ምጽሓፍን ክእለት ክህልዎም እዩ።

- ኣብ ሒሳብ፡ ስነ-መጐትን ኣብ ምፍታሕ ጸገማትን ጽቡቕ ውጽኢት ይረኽቡ

- 3ይ ቋንቋ ንምምሃር ዝያዳ ድልየትን ዓቕምን ኣለዎም።

MyLanguage.ca
Hold on to your home language